# ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀ-ኣንስትዮ ኣብ ከተማ ማንሃይም ተባዒሉ

08 መጋቢት 2009 ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀ-ኣንስትዮ ብዕለት 14.03.2009 ኣብ ከተማ ማንሃይም ብድምቀት ተባዒሉ።



እቲ “መንእሰያትና ዋሕስ መጻኢና” ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ዝተባዕለ

በዓል ብህጻናት ቤት ትምህርቲ ቋንቋ’ደ ማሕበረ-ሰብ ማንሃይምን ከባቢኡን ብሳክስፎን ኣሰንዮም ሃገራዊ መዝሙር ብምዝማር’ዮም ፈሊመሞ። ቀጺላ ኣደ መንበር ሃማደኤ ማንሃይምን ከባቢኡን ወ/ሮ ዛይድ ፍትዊ ቃል ሃማደኤ ምስ ኣስመዐት፡ ህጻናት ቤ/ት ቋንቋ’ደ ንኩለን ቢሄራትና ዝውክል ባህላዊ ክዳን ብምልባስ ሓጺር ምርኢት ኣቕሪቦም። ብድሕሪ’ዚ ወናም ስነ ጥበባዊ ተመስገን “ሃማደኤ ጽላል ኩልና” ትብል ደርፊ ክደርፍ ምስ ጀመረ፡ ኩለን ደቂ ኣንስትዮ ብሓባር ብምስዕሳዕ ነቲ በዓል ኣዚየን ኣድሚቐንኦ። ከምኡ ኢሉ’ውን ምሉእ ምሸት ቀጸለ። ሎሚ ዓመት ብርክት ዝበሉ ግጥምታት ብምቕራቦም’ውን ዘሐጉስ’ዩ ነይሩ።

ነዚ ናይ ሎሚ ዓመት በዓል ሸሞንተ መጋቢት ኣብ ከተማ ማንሃይም ፍሉይ ዝገበሮ ነገር፡ ብጉያ እግሪ፡ ብብሽክለታ፡ ብኣሳሓሓብ ገመድን ፍትሊን ዘጠቓለለ ናይ ስፖርት መዓልቲ ተኻይዱ ብምንባሩ፡ ንዕዉታት ደቂ ኣንስትዮን ህጻናትን ምስክር ወረቐት ምሃቡ’ዩ።

ዓወት ንሓፋሽ

ሃማደኤ ማንሃይምን ከባቢኡን